# ዘመነ ከረምት

(26 ሰነ - 25 መስከረም በቈጻጽራ ግዕዝ
4 July - 5 October)

ብሥርዓት ግዕዝ ካብ 26 ሰነ ክሳዕ 25 መስከረም ዘመነ ከረምት ይበሃል። ር. ሊ. ጳ. ጎርጎርዮስ ኣብ ኣቈጻጽራ-ጊዜ ክልተ ሰሙን ብምድምሳስ ከምዝኣረምዎ ኣብ ግምት እንተኣእቲና ምስቲ ኣህጉራዊ ሳመር SUMMER) አውሮጳ፡ ልክዕ ብክልተ ሰሙናት ከምዚፈላለ ንርኢ. እሞ፡ ቅድሚ እቲ ጎርጎሪኦሳዊ እርማት ክልቲኡ ሥርዓታት በቈጻጽራ ጊዜ እውን ይሰማማዕ ከምዝነበረ ንርኢ።

ኣብዚ ኣዋርሕ እዚ ቤተክርስትያን ነቲ ናይ ጊዜ ለውጢ ብምስትብሃል፡ እግዚኣብሔር ንጳዕሪ ሓረስታይ ባሪኹ ዓመት-ዓመት ዚገብሮ ተኣምራት ምሕዳስ ፍጥረትን፡ ለምዕን ጠልን በረኸትን ንደቂ ሂቡ ከምዚኣልዮም ተመልኪታ፡ ተመስግን። ኣብ መንፈሳዊ ሕይወት ምእመናን እውን ከምኡ ዝኣመሰለ መፈሳዊ ምሕዳስ ኪርከብ ትጽሊ። ከምኣብነት ኪኸውን እዚ ዚኽተል ንመልከት፡

ባረከ ዐመተ ጻድቃን ወአጽገበ ከርሠ ርኁባን፡ ባዕል ውእቱ የአክል ለኵሉ፡ ሰርዐ ሰንበተ ለዕረፍተ፡ ያርኁ ከረምተ በበዐመቱ።

ዓመት ጻድቃን ባረኸሎም፡ ከርሲ ዝጠመዩ ኣጽገበ፡ ንኵሉ ዚአክል ዘለዎ ሃብታም ኢዩ። ሰንበት ንዕረፍቲ ኢሉ ሠርዓ፡ ዓመት- መጸ ከረምቲ ኬርኁ ደስ ይብሎ።

ያርኁ ለነ ከረምተ፡ ይገብር ለነ ምሕረተ፡ እስመ በእንቲአነ ሠርዐ ሰንበተ፡ ንሴብሕ ወንዜምር ለዘወሀበነ ዝናመ ወጸገወነ ሰላመ።

ምሕረት ኪገብረልና ከረምቲ ኸፊቱልና፡ ምኽንያቱ ንዓና ኪብል ሰንበት ሠርዐ። ነቲ ዝናም ዝሃበናን ሰላም ዝፈተወልናን ነኽብሮን ንዘምረሉን።

ስብሐት ለአብ ለአኃዜ ኵሉ፡ ስብሐት ለወልድ ለዘቀደሳ ለሰንበት፡ ስብሐት ለመንፈስ ቅዱስ ለዘያርኁ ክረምተ በበዐመት።

ኵሉ ንዝሕዝ ኣብ ክብሪ ይኹኖ፡ ሰንበት ንዝቀደሰልና ወልድን ክብሪ ይኹኖ፡ ኣብ ዐዓመቱ ከረምቲ ንዚኸፍተልልና መንፈስ ቅዱስ ክብሪ ይኹን!

ስለዚ እዚ ኣዋርሕ ጊዜ ዝናም፡ ቀኍርን ስእነትን ስለዝኾነ፡ ሰብ ናብ ጸሎትን ምሕለላን ይዕቈብ። ተምሃሮ ካብ ትምህርቲ ዜዕርፉሉ ስለዝኾነ፡ ዓበይቲ ምስ ደቆም ኲይኖም ዚዘናግዑሉ እዋን እውን ኢዩ፡ እሞ ቤተክርስትያን ጊዜ ኣስተንትኖን፡ ናብ ሥራሕ እግዚኣብሔር ኣብ ፍጥረትን ኣብ ሕይወትናን ኪኸውን ክነስተብህል ዕድል ንረክብ።

ኣብዚ ኣዋርሕ ዘሎ ሰናብቲ፡ ብዘይካ እቲ ኣብ ዙርያ ፍልሰታን ዮሓንስን ዚርከብ፡ ብናይ ከረምቲ ኣስማት ይጽዋዕ፡ ንኣብነት፡ *ዘዘርእ፡ ዘደመና፡ ዘጊሜ፡ ዘመብረቕ፡ ዘዐይነ ኵሉ፡ ዘኈሐ ጸባሕ፡ ዘፍሬ*። ንባባት ቅዳሴ ድማ ምስኡ ዚሰማማዕ ኢዩ።

# ንባብባት ሰናብቲ ዘመነ ክረምት

1ይ ሰንበት (3 ሓምለ)፡ ዘዘርኤ፤
*መዝሙር ደምፀ እገሪሁ*
፩ ንባብ፡ ዕብ 6፡ 7 - ፍጻ
፪ ንባብ፡ 1 ጴጥ 3፡ 8 - 15
፫ ንባብ፡ ማቴ 13፡ 1 - 12

2ይ ሰንበት (10 ሓምለ)፡ ደመና፤
*መዝሙር ንጉሰ ውእቱ ክርስቶሰ*
፩ ንባብ፡ 1 ቆሮ 15፡ 33 - 51
፪ ንባብ፡ 1 ጴጥ 5፡ 1 - 12
፫ ንባብ፡ ሉቃ 8፡ 1 - 22

3ይ ሰንበት (17 ሓምለ)፡ መብረቕ፤
*መዝ. በቀዳሚ ገብረ እግዚአብሔር*
፩ ንባብ፡ 2 ቆሮ 9፡ 1 - ፍጻ
፪ ንባብ፡ 1 ጴጥ 3፡ 15 - ፍጻ
፫ ንባብ፡ ማቴ 24፡ 36 - ፍጻ

4ይ ሰንበት (24 ሓምለ)፡ ነጐድጓድ፤
*መዝሙር በሰንበት ቦአ ኢየሱሰ*
፩ ንባብ፡ ቲቶ 3፡ 1 - ፍጻ
፪ ንባብ፡ 1 ጴጥ 4፡ 6 - 12
፫ ንባብ፡ ማቴ 12፡ 38 - ፍጻ

5ይ ሰንበት (1 ነሓሰ)፡ ባሕር ኣፍላግ፡
*መዝሙር ዮም ንወድሳ፤*
፩ ንባብ፡ 1 ቆሮ 8፡ 1 - ፍጻ
፪ ንባብ፡ 1 ጴጥ 4፡ 1 - 6
፫ ንባብ፡ ማር 12፡ 38 - ፍጻ

6ይ ሰንበት (8 ነሓሰ)፡ ጠል፡
*መዝሙር ዛቲ ይእቲ፤*
፩ ንባብ፡ ዕብ 9፡ 9 - 16
፪ ንባብ፡ 2 ዮሓ 1፡ 1 - 5
፫ ንባብ፡ ሉቃ 1፡ 46 - 56

7ይ ሰንበት (15 ነሓሰ)፡
*መዝሙር ይሄበነ ዝናመ*
፩ ንባብ፡ ዕብ 3፡ 1 - ፍጻ
፪ ንባብ፡ ያዕ 5፡ 1 - 12
፫ ንባብ፡ ዮሓ 7፡ 41 - ፍጻ

8ይ ሰንበት (22 ነሓሰ)፡
*መዝሙር ሰንበተ ተዐቢ*
፩ ንባብ፡ ዕብ 7፡ 5 - ፍጻ
፪ ንባብ፡ ያዕ 2፡ 14 - ፍጻ
፫ ንባብ፡ ሉቃ 12፡ 16 - 26

9ይ ሰንበት (29 ነሓሰ)፡
*መዝሙር ከመ እንተ መብረቅ*
፩ ንባብ፡ 1 ቆሮ 1፡ 1 - 10
፪ ንባብ፡ 2 ጴጥ 3፡ 10 - ፍጻ
፫ ንባብ፡ ሉቃ 17፡ 11 - ፍጻ

10ይ ሰንበት (1 መስከረም)፡
ዮሓንስ፤ *መዝሙር ዮሓንሰ ኣንድሀ*
፩ ንባብ፡ 2 ቆሮ 7፡ 1 - 15
፪ ንባብ፡ ያዕ 5፡ 8 - 13
፫ ንባብ፡ ማቴ 11፡ 1 - 20

11ይ ሰንበት (8 መስከረም)፡
ዘካርያስ፤ *መዝ. በቀዳሚ ገብረ እግዚኣብሔር*
፩ ንባብ፡ ዕብ 11፡ 32 - ፍጻ
፪ ንባብ፡ ራእ ዮሓ 6፡ 9 - 12
፫ ንባብ፡ ማቴ 23፡ 23 - ፍጻ

12ይ ሰንበት (15 መስከረም)፡
ዘፍሬ፤ *መዝሙር እኩት ኣንተ*
፩ ንባብ፡ 2 ቆሮ 9፡ 1 - ፍጻ
፪ ንባብ፡ ያዕ 5፡ 1 - 10
፫ ንባብ፡ ማር 4፡ 24 - 39

13ይ ሰንበት (22 መስከረም)፡
ዘመስቀል *መዝሙር ዝንቱ ውእቱ መስቀል*
፩ ንባብ፡ 1 ቆሮ 1፡ 10 - ፍጻ
፪ ንባብ፡ 1 ጴጥ 4፡ 1 - 12
፫ ንባብ፡ ማር 8፡ 27 - ፍጻ